## ብዛዕባ ናይ ጽልኢ ገበን ከመይ ጌርና ንፖሊስ ንነግር

ብኣካል፤

ኣብ ከባቢና ዝርከብ መደበር ፖሊስ ብኣካል ክንበጽሕ ወይ ምስ ፖሊስ ወይ ፒሲኤስኦ ክንዘራረብ ንኽእል ኢና።

ናይ ሳልሳይ ኣካል ጸብጻብ ማእከላት፤

ቸሽር ኮንስታቡለሪ ኣብቲ ማሕበረሰብ ብርክት ዝበሉ ናይ ሳልሳይ ኣካል ጸብጻብ ማእከላት ኣለዎም፡ ኣብኡ ድማ ንሓደ ናይ ጽልኢ ገበን ንምሕባር ናብ ሓደ ሰብ ክንከይድ ንኽእል ኢና፡ ድሕሪኡ ድማ ንዓና ወኪሉ ክሕብር ይኽእል። ዝርዝር ናይቶም ክንሕብረሎም እንኽእሉ ቦታታት ኣብ www.cheshire.police.uk ክንረኽቦ ንኽእ ኢና።

ናይ ጽልኢ ገበን ምሕባር

ህጹጽ ዘይኮነ ፍጻመ ንምሕባር፡101

ኣብ ህጹጽ ኩነታት፡999 ደውሉ

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፤

www.cheshire.police.uk

www.report-it.org.uk

ብኢንተርነት ጸብጻብ ምሃብ እዚ ድማ ናብ ፖሊስ ዝመጽእ እዩ።

TRUE VISION

ስንክልና

ዘርኢ

ሃይማኖት

ጾታዊ ዝንባለ

ጾታዊ መንነት

ብሰንኪ መንነትና ኣብ ዒላማ ክንኣቱ ከለና፡ ናይ ጽልኢ ገበን እዩ።

…

# ፖሊስ ቸሽር ብዛዕባኡ ክፈልጡ ይደልዩ።

Cheshire Constabulary

Tigrinya

## ናይ ጽልኢ ገበን እንታይ እዩ?

ናይ ጽልኢ ገበን ዝኾነ ይኹን ሕጋዊ ገበን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ብግዳይ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሰብ፡ ኣብ ውልቃዊ ባህሪ ዝተመርኮሰ ብጽልኢ ወይ ኣብ ሓቅነት ዘይተመርኮሰ ጽልኢ ዝተደፋፍአ ኮይኑ ዝተረድአ እዩ።

ናይ ጽልኢ ገበን ኣብ ሓደ ሰብ ኪጋጥም ዝኽእል ብሰንኪ፤

ዘርኢ

ሃይማኖት ወይ እምነት

ጾታዊ ዝንባለ

ጾታዊ መንነት

ስንክልና

እንታይ ከነስተብህል ኣለና

ኣስማት ምጽዋዕ

ምግፋዕ

ምግላል

ዕሸሽ ምሰእንብሃል

ምስሓቒ ከገብሩና ከለዉ

ናይ ቃላት ወይ ኣካላዊ መጥቃዕቲ

ነገራትና ክስረቑ ወይ ክበላሸዉ ምግባር

ምስ ዝሸዱና

## ናይ ጽልኢ ገበን ክንሕብር ከለና እንታይ ይኸውን?

ናይ ጽልኢ ገበን ክንሕብሩ ከለና፡ ፖሊስ እንታይ ከም ዘጋጠመ ክምርምሩን እቲ እንብሎ ብዕቱብ ክውሰዱን እዮም።

ፖሊስ ብዛዕባ ናይ ጽልኢ ገበን ዝነግሮም ሰብ ክድግፉን ውሕስነት ንኽስምዓና ዝከኣሎም ክገብሩን እዮም።

ናይ ጽልኢ ገበን እንተ ኣጋጢሙና ወይ ኣብ ካልእ ሰብ፤

ኣብ ህጹጽ ኩነታት ኩሉ ግዜ ናብ 999 ንድውል።

ብዝተኻእለና መጠን ቀልጢፍና ናብ ውሑስ ቦታ ንኺድ

ኣቓልቦ ንምርካብ ብዝተኻእለና መጠን ድምጺ ምግባር

ሓገዝ ንርከብ

ናይ ጽልኢ ገበን ክፍጸም እንተርኢና፡ ንነብስና ኣብ ሓደጋ ኣይነእትዋ

ኩሉ ግዜ ንፖሊስ እንታይ ከም ዘጋጠመ ንነገሮም

እንተኺኢልና፡ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጠመ፡ ዘጋጠመሉ ዕለትን ሰዓትን፡ እቲ ሰብ እንተዘይፈሊጥናዮ እንታይ ከም ዝመስልን እንታይ ከም ዝበለን ወይ ከም ዝገበረን ክንዝክሮ እንኽእሎ ኩሉ ንጽሓፍ።

ናይ ጽልኢ ገበን እንተ ኣጋጢሙና ንብግልና፡ ኣብ ካልእ ሰብ ክፍጸም እንተርኢና ወይ ድማ ዘጋጠሞ ሰብ ንፈልጥ እንተኾንና ንፖሊስ ክንነግሮ ይግባእ።

ንፖሊስ ክንነግሮ እንተዘይደለና ብኢንተርነት ኣብ 'ትሩ ቪዥን' ክንሕብር ወይ ኣብ ናይ ሳልሳይ ኣካል ጸብጻብ ማእከል ክንሳተፍ ንኽእል ኢና።